| **dans**<br>ኣብ ውሽጢ. | *Dans* le vase il y a une fleur.<br>Il revient *dans* deux heures | - ኣብ ውሽጢ. እቲ ዕትሮ ሓንቲ ዕንባባ ኣላ<br>- ኣብ ውሽጢ. ክልተ ሰዓት ክምለስ እዩ | *An* der Vase ass eng Blumm.<br>Hie kënnt *an* zwou Stonnen zréck. |
| **à**<br>ኣብ/ናብ | Ce bus va *à* Diekirch.<br>Il habite *à* la campagne. | - እዛ ኣውቶቡስ ናብ ደክርሽ እያ ትኸይድ።<br>- ንሱ ኣብ ገጠር ይቕመጥ። | Dëse Bus fiert *op* Dikrech.<br>Hie wunnt *um* Land. |
| **de**<br>ካብ | Ce train vient *de* Paris. | - እዛ ባቡር ካብ ፓሪስ መጽያ | Deen Zuch kënnt *vu* Paräis. |
| **sur**<br>ኣብ ልዕሊ./ ብዛዕባ | *Sur* la table il y a un vase.<br>Il donne des informations *sur* la météo. | - ኣብ ልዕሊ. እቲ ጣውላ ሓንቲ ዕትሮ ኣላ<br>- ንሱ ብዛዕባ ኩነታት ኣየር ሓበሬታ ሂቡ | *Um* Dësch do steet eng Vase.<br>Hie gëtt Infomatiounen *iwwert* d'Wieder. |
| **jusqu'à**<br>ክሳብ | Je t'accompagne *jusqu'à* l'arrêt.<br>Il a résisté *jusqu'à* la fin. | - ክሳብ እቲ መጸበዩ ኣውቶቡስ ከሰንየካ እየ<br>- ንሱ ክሳብ እቲ መወዳእታ ተቓዊሙ | Ech gi mat dir *bis op* d'Haltestell.<br>Hien huet *bis* zum Schluss resistéiert. |
| **au-dessus**<br>ብልዕሊ. | *Au-dessus* du lit il y a un tableau. | - ብልዕሊ. እቲ ዓራት ሓንቲ ስእሊ. ኣላ | *Iwwert* dem Bett hänkt e Bild. |
| **sous**<br>ብትሕቲ | Les carottes poussent *sous* la terre. | - እቲ ካሮቲ ብትሕቲ መሬት ይዓቢ. | D'Muerte wuessen *ënnert* dem Buedem. |
| **devant**<br>ኣብ ቕድሚት | *Devant* le palais il y a des gardes. | - ኣብ ቕድሚት እቲ ፓላሶ ዋርድያታት ኣለው | *Virum* Palais sti Garden. |
| **derrière**<br>ብድሕሪት | *Derrière* la maison il y a un jardin. | - ብድሕሪት ናይቲ ገዛ ጀርዲን ኣሎ | *Hannert* dem Haus ass e Gaart. |
| **chez**<br>ኣብ እንዳ | Il vit *chez* nous. | - ንሱ ኣብ ገዛና ይቕመጥ | Hie wunnt *bei* eis. |
| **contre**<br>ኣንጻር | Ils vont jouer *contre* une bonne équipe.<br>Face *contre* mur ! | - ንሶም ኣንጻር ሓንቲ ንፍዕቲ ጋንታ ክጻወቱ እዮም | Sie wärte *géint* eng gutt Equipe spillen.<br>Mat dem Gesiicht *widdert* d'Mauer! |
| **entre**<br>ኣብ ሞንጎ | Ispahan se trouve entre Téhéran et Chiraz. | - ኣቡ ቓሬብ ኣብ ሞንጎ ኤፍራጢስን ጢግሪስን ይርከብ | Abou Ghraib läit tëschent dem Eufrat an dem Tigris. |
| **à l'extérieur :**<br>ኣብ ደገ | *À l'extérieur* vous pouvez fumer. | - ኣብ ደገ ኮይንካ ሽጋራ ከተትክኽ ትኽእል ኢኻ | *Dobausse* kënnt dir fëmmen. |
| **à l'intérieur :**<br>ኣብ ውሽጢ. | *à l'intérieur* de la boîte il y a un cadeau. | - ኣብ ውሽጢ. ሳንዱቕ ሓንቲ ህያብ ኣላ | *Bannen* an der Këscht ass e Cadeau. |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **à droite :** ንየማን | Tournez *à droite* derrière le parc ! | - ብድሕሪት ናይቲ መናፈሻ ቦታ ንየማን ተጠወ | Fuert *no riets* hannert dem Park! |
| **à gauche :** ንጸጋም | L’arabe s’écrit de droite *à gauche.* | - ቛንቛ ዓረብ ካብ የማን ንጸጋም ይጻሓፍ | Arabesch gëtt vu riets *no lénks* geschriwwen. |
| **ici :** ኣብዚ | Viens *ici* ! | - ኣብዚ ምጻእ ! | Komm *heihin*! |
| **là :** ኣብቲ | J’ai mis les clés *là,* sur la table. | - ነታ መፍትሕ ኣብቲ ኣቐሚጠያ ኣለኹ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ጣውላ | Ech hunn d’Schlësselen *dohinner* geluecht, op den Dësch. |
| **là-bas :** ኣብቲ | Regardez *là-bas* l’arc-en-ciel ! | - ኣብቲ ሰማይ ንዘሎ ቐስተደበና ታዓዘብ | Kuckt *dohannen*, de Reebou! |
| **partout :** ኣብ ኩሉ ቦታ | Nous t’avons cherché *partout.* | - ንዓኻ ኣብ ኩሉ ቦታ ደሊናካ | Mir hunn *iwwerall* no dir gesicht. |
| **loin :** ርሑቕ | C’est trop *loin* pour y aller à pied. | - ኣዝዩ ርሑቕ ብሙኻኑ ብእግርኻ ክኸየድ ኣይክኣልን | Et ass ze vill *wäit* ewech fir zu Fouss ze goen. |

## LE TEMPS (QUAND ?) — ግዜ (ማዓስ ?) — WÉINI?

| | | | |
|---|---|---|---|
| **avant :** ቕድሚ | Il est arrivé *avant* tous les autres. | - ንሱ ቕድሚ ኩሎም እዩ በጺሑ | Hien ass *virun* all deenen aner en ukomm. |
| **après :** ድሕሪ | *Après* les cours les élèves font du sport. | - ድሕሪ ትምህርቲ እቶም ተማሃሮ ስፖርት ሰሪሖም | *No* der Schoul maachen d’Schüler Sport. |
| **à, vers :** ከባቢ | *À* 14 h.<br>*Vers* midi. | - ሰዓት 14፥00 ፣ ከባቢ ፋዱስ | *Um* zwou Auer.<br>*Géint* Mëtteg. |
| **aujourd’hui :** ሎሚ ማዓልቲ | *Aujourd’hui* c’est dimanche. | - ሎሚ ማዓልቲ ሰንበት እዩ | *Haut* ass Sonndeg |
| **jusqu’à :** ክሳብ | Je t’attends *jusqu’à* midi. | - ኣነ ክሳብ ፋዱስ ንዓኻ ክጽበየካ እየ | Ech waarden op dech *bis* Mëtteg. |
| **entre :** ኣብ ሞንጎ | Viens *entre* 13.00 et 14.00 heures. | - ኣብ ሞንጎ ሰዓት 13፥00 ን ሰዓት 14 : 00 ን ምጻእ | Komm *tëschent* eng an zwou Auer. |
| **le matin :** ናይ ንግሆ | Tu bois du thé *le matin.* | - ናይ ንግሆ ሻሂ ትሰቲ | Du drénks *muerges* Téi. |
| **le soir :** ናይ ምሸት | *Le soir* nous regardons la télé. | - ናይ ምሸት ንሕና ተለቪዥን ንሪኢ | *Owes* kucke mir d’Telé. |
| **demain :** ጽባሕ | *Demain* c’est lundi. | - ጽባሕ ሰኑይ እዩ | *Muer* ass Méindeg. |
| **après-demain :** ድሕሪ ጽባሕ | *Après-demain* c’est mardi. | - ድሕሪ ጽባሕ ሰሉስ እዩ | *Iwwermuer* ass Dënschdeg. |

| | | | |
|---|---|---|---|
| **bientôt :** ድሓር የራኽበና | Au revoir et à *bientôt.* | - ቻው ድሓር የራኽበና | Awuer, bis *geschwënn.* |
| **souvent :** ጸጸኒሑ | Tu vois *souvent* ton ami. | - ንስኻ ንዓርክኻ ጸጸኒሑ ትረኽቦ | Du gesäiss *oft* däi Frënd. |
| **tout de suite :** ሕጂ ሕጂ | Le train part *tout de suite.* | - እታ ባቡር ሕጂ ሕጂ እያ ትኸይድ/ እትብገስ | Den Zuch fiert *elo direkt.* |
| **mainte-nant :** ሕጂ | Il est quelle heure *maintenant* ? | - ሕጂ ሰዓት ክንደይ ኣሎ ? | Wéivill Auer ass et *elo*? |
| **toujours :** ኩሉ ማዓልቲ | Il boit *toujours* un café après le déje-uner. | - ንሱ ኩሉ ማዓልቲ ድሕሪ ምሳሕ ቡን ይሰቲ | Hien drénkt *ëmmer* e Kaffi nom Mëttegiessen. |
| **jamais :** ፈጺሙ | Il n'écoute *jamais.* | - ንሱ ፈጺሙ ኣይሰምዕን እዩ | Hie lauschtert *nie* no. |
| **aupara-vant :** ኣቐዲምካ/ ብኣጋ | Il faut payer *aupara-vant* ! | - ኣቐዲምካ ክትኸፍል ኣለካ ! | *Virdru* muss bezuelt ginn! |
| **vite :** ብቕልጡፍ | Ferme *vite* les fenêtres, il pleut. | - እቲ ፍኒስትራ ብቑልጡፍ ዕጸዎ፣ ማይ ይሃርም ኣሎ | Maach *séier* d'Fënsteren zou, et reent! |
| **lentement :** ቀስ ብቐስ | Parlez plus *lente-ment* s'il vous plaît. | - ብኽብረትካ ቐስ ኢልካ ተዛረብ | Schwätzt wann ech gelift méi *lues*! |

| **LA QUANTITÉ (COMBIEN ?)** | | **ዓቐን/ መጠን (ክንደይ ?)** | **WÉI VILL?** |
|---|---|---|---|
| **un peu :** ቑሩብ/ ውሑድ | Je bois le café avec *un peu* de lait. | - ኣነ ቑሩብ ጸባ ዘለዎ ቡን ይሰቲ | Ech drénken de Kaffi mat e *wéineg* Mëllech. |
| **beaucoup :** ቡዙሕ ወይ ብጣዕሚ | Nous aimons *beau-coup* faire la cuisine. | - ንሕና ምኽሻን መግቢ ብጣዕሚ ደስ ይብለና | Mir kache *ganz* gären. |
| **très :** ኣዝዩ | Ce garçon est *très* gentil. | - እዚ ወዲ ኣዝዩ ለዋህ እዩ | Dee Bouf ass *ganz* léif. |
| **environ :** ከባቢ | Ce camion charge *environ* deux tonnes. | - እዛ በጣሕ ከባቢ ክልተ ቶን ዝኸውን ክብደት ክትጽዕን ትኽእል። | Dëse Kamion luet *ongeféier* 2 Tonnen. |
| **assez :** እኹል ወይ ዝኣክል | J'ai *assez* mangé, merci. | - ኣነ እኹል በሊዐ፣ የቐንየለይ | Ech hu *genuch* giess, Merci. |



# POIDS ET MESURES / JOURS ET MOIS JOURS FÉRIÉS / PAYS MEMBRES DE L'UE

| POIDS ET MESURES | ክብደት ከሙኡ ውን ንውሓት መዐቐኒ | |
|---|---|---|
| Millimètre | ሚሊ. ሜትር | Millimeter |
| Centimètre | ሰንቲ ሜትር | Zentimeter |
| Décimètre | ደሲ. ሜትር | Dezimeter |
| Mètre | ሜትር | Meter |
| Kilomètre | ኪሎ ሜትር | Kilometer |
| Mètre carré | ትርብዒት ሜትር | Meter carré |
| Are | 100 ትርብዒት ሜትር | Ar |
| Hectare | ሄክታር | Hektar |
| Kilomètre carré | ትርብዒት  ኪሎ ሜትር | Kilometer carré |
| Degré | ዲግሪ | Grad |
| Millilitre | ሚሊ. ሊትሮ | Milliliter |
| Centilitre | ሰንቲ ሊትሮ | Zentiliter |
| Décilitre | ደሲ. ሊትሮ | Deziliter |
| Litre | ሊትሮ | Liter |
| Seconde | ካልኢት | Sekund |
| Minute | ደቒቕ | Minutte |
| Heure | ሰዓት | Stonn |
| Gramme | ግራም | Gramm |
| Demi-livre | መዐቐኒ  ክብደት  ፍርቂ - ፓውንድ | halleft Pond |
| Livre | ሓደ ፓውንድ መዐቐኒ ክብደት | Pond |
| Kilo | ኪሎ | Kilo |

| | | |
|---|---|---|
| Quintal | ኩንታል | Zenner |
| Tonne | ቶን | Tonn |
| Un | ሓደ | een |
| Deux | ክልተ | zwee |
| Trois | ሰለስተ | dräi |
| Quatre | ኣርባዕተ | véier |
| Cinq | ሓሙሽተ | fënnef |
| Six | ሽዱሽተ | sechs |
| Sept | ሸውዓተ | siwen |
| Huit | ሸሞንተ | aacht |
| Neuf | ትሽዓተ | néng |
| Dix | ዓሰርተ | zéng |
| Onze | ዓሰርተ ሓደ | eelef |
| Douze | ዓሰርተ ክልተ | zwielef |
| Treize | ዓሰርተ ሰለስተ | dräizéng |
| Quatorze | ዓሰርተ ኣርባዕተ | véierzéng |
| Quinze | ዓሰርተ ሓሙሽተ | fofzéng |
| Seize | ዓሰርተ ሽዱሽተ | siechzéng |
| Dix-sept | ዓሰርተ ሸውዓተ | siwwenzéng |
| Dix-huit | ዓሰርተ ሸሞንተ | uechtzéng |
| Dix-neuf | ዓሰርተ ትሽዓተ | nonzéng |
| Vingt | ዒስራ | zwanzeg |
| Vingt-et-un | ዒስራን ሓደን | eenanzwanzeg |
| Vingt-deux | ዒስራን ክልተን | zweeanzwanzeg |
| Trente | ሳላሳ | drësseg |
| Quarante | ኣርባዓ | véierzeg |
| Cinquante | ሓምሳ | fofzeg |
| Soixante | ሱሳ | siechzeg |
| Soixante-dix | ሰብዓ | siwwenzeg |
| Quatre-vingts | ሰማንያ | uechzeg |
| Quatre-vingt-dix | ተስዓ | nonzeg |

| | | |
|---|---|---|
| Cent | ሚእቲ | honnert |
| Cent et un | ሚእትን ሓደን | honnerteen |
| Cent-deux | ሚእትን ክልተን | honnertzwee |
| Deux cents | ክልተ ሚእቲ | zwee honnert |
| Trois cents | ሰለስተ ሚእቲ | dräi honnert |
| Mille | ሽሕ | dausend |
| Mille neuf cent soixante quinze | ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን | nonzenghonnertfënnef a siwwenzeg |
| Deux mille seize | ክልተ ሽሕን ዓሰርተ ሽዱሽተን | zwee dausend siechzéng |
| Cent mille | ሚእቲ ሽሕ | honnert dausend |
| Million | ሚልዮን | eng Millioun |
| + plus | + ምድማር | plus |
| - moins | - ምጉዳል | minus |
| x fois | x ምርባሕ | mol |
| : divisé par | : ምምቃል | gedeelt duerch |
| % pourcent | % ሚእታዊት | Prozent |

| **JOURS DE LA SEMAINE** | **ማዓልታት ናይ ሰሙን** | **WOCHENDEEG** |
|---|---|---|
| Lundi | ሰኑይ | Méindeg |
| Mardi | ሰሉስ | Dënschdeg |
| Mercredi | ሮቡዕ | Mëttwoch |
| Jeudi | ሓሙስ | Donneschdeg |
| Vendredi | ዓርቢ | Freideg |
| Samedi | ቀዳም | Samschdeg |
| Dimanche | ሰንበት | Sonndeg |

| **MOIS DE L'ANNÉE** | **ኣዋርሕት ናይ ዓመት** | **MÉINT AM JOER** |
|---|---|---|
| 01 Janvier | ጥሪ | Januar |
| 02 Février | ለካቲት | Februar |
| 03 Mars | መጋቢት | Mäerz |
| 04 Avril | ሚያዝያ | Abrëll |

| | | |
|---|---|---|
| 05 Mai | ግንቦት | Mée |
| 06 Juin | ሰነ | Juni |
| 07 Juillet | ሓምለ | Juli |
| 08 Août | ነሓሰ | August |
| 09 Septembre | መስከረም | September |
| 10 Octobre | ጥቕምቲ | Oktober |
| 11 Novembre | ሕዳር | November |
| 12 Décembre | ታሕሳስ | Dezember |

| **LES SAISONS** | **ክፍለ - ዓመት** | **JORESZÄITEN** |
|---|---|---|
| Hiver | ሓጋይ | Wanter |
| Printemps | ጽድያ | Fréijoer |
| Été | ክረምቲ | Summer |
| Automne | ቐውዒ | Hierscht |

| **JOURS DE FÊTE ET DE COMMÉMORATION** | **ማዓልቲ ባዓላት ከሙኡ ወን ጽንብላት** | **FEIERDEEG A GEDENKFEIER** |
|---|---|---|
| *1er janvier*<br>Jour de l'An | ዕለት 1 ጥሪ ሓድሽ ዓመት | Neijoersdag |
| *2 février*<br>fête de la chandeleur | ዕለት 2 ለካቲት<br>ክርስቲያናዊ ባዓል ናይ ሽምዓ | Liichtmessdag |
| *14 février*<br>Saint Valentin | ዕላት 14 ለካቲት<br>ቕዱስ ቫለንታይን ወይ<br>ብሉሙድ ኣጸዋውዓ ማዓልቲ<br>ፍቑራት | Vëltesdag |
| *mi-février*<br>dimanche de Carnaval | ኣብ መፋርቕ ወርሂ ለካቲት<br>ዝባዓል ናይ  ሰንበት ማዓልቲ<br>ካርኒቫል | Fuessonndeg |
| *fin février*<br>Buergsonndeg | ኣብ መወዳዕታ ወርሂ ለካቲት<br>፣ ዳሜራ እንዳቓጸልካ ዝባዓል<br>ባዓል | Buergsonndeg |
| *8 mars*<br>Journée de la Femme | ማዓልቲ ደቂ - እንስትዮ | Fraendag |
| *mi-mars*<br>Bretzelsonndeg | ኣብ መፋርቕ መጋቢት ፍቑራት<br>ፍቕሮም ንምግላጽ ሕብስቲ<br>ከም ህያብ እንዳ ተለዋወጡ<br>ኣብ ሉግዘምቡርግ ዝባዓል<br>ባዓል ብረዘልሶንደሽ | Bretzelsonndeg |

| | | |
|---|---|---|
| *fin mars - début avril*<br>Semaine Sainte | ኣብ መወዳእታ መጋቢት ወይ ፈለማ ወርሂ ሚያዝያ ዝባዓል ሃይማኖታዊ ባዓል ቕድስቲ - ሶሙን ብኣመንቲ ክርስትና ንሓደ ሰሙን ቕድሚ ፋሲካ ዝባዓል | Gréngendonneschdeg<br>Karfreideg |
| *fin mars - début avril*<br>dimanche de Pâques | ኣብ መወዳእታ መጋቢት ወይ ፈለማ ወርሂ ሚያዝያ፣ ሰንበት ማዓልቲ ሃይማኖታዊ በዓል ፋሲካ | Ouschtersonndeg |
| lundi de Pâques | ኣብታ ቀዳመይቲ ሰኑይ ማዓልቲ ድህሪ ፋሲካ ዝባዓል ሃይማኖታዊ በዓል | Ouschterméindeg |
| *fin avril - début mai*<br>Octave | ባዓል ኦክታቭ ወይ ድህሪ በዓል ፋሲካ፣ ን8 ማኣልታት ዝግበር ቅዳሰ | Oktav |
| *1er mai*<br>Fête du travail | ማዓልቲ ሰራሕተኛታት | Eischte Mee-Feier |
| *mi-mai*<br>Ascension | 40 ማዓልታት ድህሪ ባዓል ፋሲካ ዝባዓል ሃይማኖታዊ ባዓል ማዓልቲ ዕርገት | Christihimmelfahrt |
| *fin mai*<br>dimanche de Pentecôte | 7 ሰሙናት ድህሪ ፋሲካ ዝባዓል ሰንበት - ማዓልቲ በዓል ጴንጤቆስጠ | Péngschtsonndeg |
| lundi de Pentecôte | ካብ ሰንበት - ማዓልቲ በዓል ጴንጤቆስጠ ንጽባሒቱ ዝባዓል ሰኑይ - ማዓልቲ በዓል ጴንጤቆስጠ | Péngschtméindeg |
| *23 juin*<br>Fête nationale | ዕለት 23 ወርሒ ሰነ ሃገራዊ ባዓል | Nationalfeierdag |
| *15 août*<br>Assomption | ኣብ ዕለት 15 ነሓሰ ዝባዓል ባዓል ኣሶምፕሽን ወይ ዕርገት ቅድስት ማሪያም | Mariahimmelfahrt<br>Krautwëschdag |
| *1er dimanche de septembre*<br>Dimanche de la Schueber fouer | ኣብ ቐዳመይቲ ሰንበት ናይ ወርሒ መስከረም ዝባዓል ባዓል ሸበርፎወር | Fouersonndeg |
| *10 octobre*<br>Commémoration nationale | ከባቢ 10 ጥቕምቲ ንኽብሪ ቓልሲ ህዝቢ ሉግዘምቦርግ ኣንጻር መግዛእቲ ናዚ ዝባዓል ሃገራዊ ጽምብል | |
| *1er novembre*<br>Toussaint | ዕለት 1 ሕዳር ዝባዓል ካቶሊካዊ ባዓል ቱሰን | Allerhellegen |
| *6 décembre*<br>Saint Nicolas | ዕለት 6 ታሕሳስ ዝባዓል ቅዱስ ኒኮላስ | Niklosdag |

| | | |
|---|---|---|
| *24 décembre*<br>Veillée de Noël | ዕለት 24 ታሕሳስ ዝባዓል<br>ድሮ- ባዓል ልደት | Hellegowend |
| *25 décembre*<br>1er jour de Noël | ሃይማኖታዊ ባዓል ኣብ ዕለት<br>25 ታሕሳስ ዝባዓል ቀዳማይ<br>-ማዓልቲ ልደት | Chrëschtdag |
| *26 décembre*<br>2e jour de Noël | ሃይማኖታዊ ባዓል ኣብ ዕለት<br>26 ታሕሳስ ዝባዓል ካልኣይ-<br>ማዓልቲ ልደት | Stiefesdag |

| PAYS MEMBRES DE L'UE | ኣባል ሃገራት ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት | LÄNNER AUS DER EU |
|---|---|---|
| Allemagne | ጀርመን | Däitschland |
| Autriche | ኣውስትርያ | Éisträich |
| Belgique | ቤልጅየም | Belsch |
| Bulgarie | ቡልጋርያ | Bulgarien |
| Croatie | ክርኤሽያ | Kroatien |
| Danemark | ዴንማርክ | Dänemark |
| Espagne | እስጳኛ | Spuenien |
| Estonie | ኢስቶንያ | Estland |
| Finlande | ፊንላንድ | Finnland |
| France | ፈረንሳ | Frankräich |
| Grèce | ግሪኽ | Griicheland |
| Hongrie | ሃንጋሪ | Ungarn |
| Irlande | ኣየርላንድ | Irland |
| Italie | ጥልያን | Italien |
| Lettonie | ላቲቭያ | Lettland |
| Lituanie | ሊትዌንያ | Litauen |
| Luxembourg | ሉግዞምቡርግ | Lëtzebuerg |
| Malte | ማልታ | Malta |
| Pays-Bas | ሆላንድ | Holland |
| Pologne | ፖላንድ | Polen |
| Portugal | ፖርቱጋል | Portugal |
| République tchèque | ቸክ ሪፓብሊክ | Tschechesch Republik |
| Roumanie | ሮማንያ | Rumänien |
| Royaume-Uni | እንግሊዝ | Vereenegt Kinnekräich (UK) |
| Slovaquie | ስሎቫክያ | Slowakei |
| Slovénie | ስሎቬንያ | Slowenien |
| Suède | ሽወደን | Schweden |
| | | |
| | | |

# ናብ ሃገረ ሉግዘምቡርግ እንቋዕ ብዳሓን መጻእካ
## / BIENVENUE AU LUXEMBOURG

እዚ መጽሓፍ ውጺኢት ስራሕ ናይ ማሕበር ምትሕግጋዝ ንስደተኛታት ሰራሕተኛታት - ASTI ኮይኑ ካብ ፎንድ ኣዚል ማይግሬሽን ኤ ኢንተግሬሽን (AMIF) : OLAI ናይ ሚኒስትሪ ስድራቤትን ምውህሃድን ከሙኡ ውን ካብ መሻርኽቲን ሃገራዊ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቖልዑን መንእሰያትን ብዝተረኽበ ፋይናንሳዊ (ገንዘባዊ) ሓገዝ ዝተሰርሐ እዩ ።

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ኣብ ማዓልታዊ ሂወት ናይ ሉግዘምቡርግ እንጥቐመሉም መሰረታዊያን ሕግታትን ምምሕዳራትን ብቕልል ዝበለ ኣገባብ ንኽትፈልጦም ክሕግዛካ እዩ። .

ንዝያዳ ዝኾነ መግለጺታት ንኽትረክብ ናብዚ ብቛንቛ ፈረንሳይ፡ ጀርመን፡ ከሙኡ ውን ኢንግሊዘኛ ዝተፈላለየ ሓበሬታታት ዘዳሉ ገጽ - ኢንተርነት www.guichet.lu ክትውከስ ትኽእል ኢኻ ።

## ኣብዚ ተዳልዩ ዘሎ መጽሓፍ ተገሊጾም ዘለው ኣርእስቲታት :
### / SUJETS ABORDÉS DANS LA PRÉSENTE BROCHURE:

1. ሕቶ ዑቕባ ስደተኛ La demande de protection internationale
2. ብሕጊ ናይ ኢሚግሬሽን ዝማሓደር ናይ መንበሪ ፍቓድ : ምጥርናፍ ናይ ስድራቤት
   Le séjour régis par la loi sur l'immigration: le regroupement familial
3. ኣብ ሉግዘምቡርግ ዘለው ንመራኽቢ ወይ ርክባት ዘሳልጡ ኣገልግሎታት : ኣሳለጥቲ ሞንጎኛታት ናይ MEN, ኣገልጉሎት ትርጁማን/ ምቱርጓም ብቐይሕ መስቐል ናይ ሉግዘምቡርግ።
   Services facilitant la communication au Luxembourg: les médiateurs du MEN,
   le service Interprétariat Interculturel de la Croix-Rouge Luxembourgeoise
4. ትምህርቲ ቛንቛ ሉግዘምበርጁዋ : ዝተፈላለዩ ትምህርቲ ናይ ቛንቓ, ትምህርቲ ቛንቛ ብኢንተርነት, ዕረፍቲ ካብ ስራሕ ብምኽንያት ትምህርቲ ቛንቛ
   Apprendre le Luxembourgeois: Les différents cours de langue,
   apprendre une langue en ligne, le congé linguistique
5. ጥዕና ከሙኡ ውን ማሕበራዊ ስርዓት (ሲስተም) Le système scolaire et la scolarisation des enfants
6. ስርዓተ ትምህርቲ ከሙኡ ውን ትምህርቲ ንህጻናት Santé et solidarité sociale
7. ዜግነት ናይ ሉግዘምበርጁዋዝ : ዜግነት ምውሳድ, ክልተ ዜግነት ምህላው Naturalisation
8. ውዕል ናይ ምስትእንጋድ (ምቕብባል) ከሙኡ ውን ምውህሃድ ምስ ሕብረተሰብ Contrat d'accueil et d'intégration - CAI

## 1. ሕቶ መሰል ዑቕባ ስደተኛ / LA DEMANDE DE PROTECTION INTERNATIONALE

ክንደይ ዓይነት መሰል ዑቕባ ስደተኛ እዩ ዘሎ ?

ኣብ ጉዳይ ናይ መሰል ዑቕባ ስደተኛ፡ ሃገረ ሉግዘምቡርግ ክልተ ዓይነታት ናይ መሰል ዑቕባ ተፍቕድ ፣ ንሳቶም ድማ ሙሉእ መሰል ዑቕባ ስደተኛ ከሙኡ ውን ሳብሲዳሪ መሰል ዑቕባ እዮም።

ሙሉእ መሰል ዑቕባ ስደተኛ እዚ መሰል ነቶም ብሰንኪ ዓሌቶም፡ ሃይማኖቶም፡ ዜግነቶም፡ ፖሎቲካዊ ኣራኣእዮኦም፡ ወይ ውን ምስ ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ዘለዎም ምትእስሳር ኣብ ነብሶም ሓደጋ ወይ ስቕያት ክበጽሓም ዝክእል ሰባት ዝምልከት/ ዝዋሃብ እዩ።

ሳብሲዳሪ መሰል ዑቕባ   እዚ መሰል ነቶም ከም ሙሉኣት ስደተኛታት ክሕሰቡ ዘይክእሉ፡ እንተኾነ ግን ናብ ዘመጽሉ ዓዲ ምስ ዝምለሱ ኣብ ነብሶም ሓደጋ ክወረድ ከም ዝኽእል ዘእምን ብቑዕ ዝኾነ መረጋገጺ ዝተረኽበሎም ሰባት ዝምልከት/ዝዋሃብ እዩ።

## ኣገባብ

ጉዳይ ሕቶ መሰል ዑቕባ ብሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ኤውሮጳን ፡ ኣገልጉሎት ቑጽጽር ኤርፖርት ፡ ፖሊስ ግኾንድ - ዱክ፡ ማእከል ቤት ማእሰርቲ ወይ ቤት ማእሰርቲ ተሃድሶን እዩ ዝስራሕ።
ጉዳይ ሕቶ መሰል ዑቕባ ምስ ቐረበ፡ ነቲ ሓታቲ ዑቕባ ሓደ መረጋገጺ ወረቐት ይዋሃቦ (ፓፒየ ኹጅ) ። እዚ መረጋገጺ ወረቐት እዚ ነቲ ሓታቲ ዑቕባ ጉዳዩ ክሳብ ዝውሰን ኣብ ሉግዘምቡርግ ክቕመጥ ከሙኡ ውን ብነጻ ኣብ መሬት ሉግዘምቡርግ ክንቐሳቐስ ይኽእሎ።

ብምቕጻል፡ እቲ ሓታቲ ዑቕባ ካብ ቤት ጽሕፈት ኦላይ (OLAI) ብዛዕባ ዘለው ዝተፈላለዩ ሓገዛት ሓበሬታ ይረክብ ከሙኡ ውን ከም ናይ መቐባበሊ ኣቑሑት ፡ መንበሪ ገዛ ፡ መግቢ፡ ክዳን፡ ወርሓዊ ዝዋሃብ ገንዘብን ናይ ክንክን ሕክምናን ዝኣመሰሉ ሓገዛት ይረክብ።

እቲ ሓታቲ ዑቕባ ብምኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብደብዳቤ ንቓለ መሕተት/ ንኢንተርቪው  ተጸዊዑ ብዛዕባ ኣመጻጽእኡ ወይ ናብዚ ንኽመጽእ ዘካየዶ ጉዕዞ ምስ ሓበረ ከሙኡ ውን ምኽንያት ዑቕባ መሕተቲኡ ብልክዕ ምስ ገለጸ እዩ እቲ ጉዳይ ሕቶ ንመሰል ዑቕባ ዝምርመር/ ዝጻረ። ነቲ ሕቶ ዑቕባ ዝኸውን ዝቐረበ መደገፍታ/ ምርትዖ ሙርኩስ ብምግባር፡ ቶርጓማይን ኪኢላታትን ኣብ ዘለውሉ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ MAEE (ሚኒስትሪ) ቓለ - መሕትት/ ኢንተርቪው ከካይድ እዩ ። እቲ ዝቐረበ ምኽንያት ናይ ሕቶ ዑቕባ ብMAEE (ሚኒስትሪ) ብደቒቕ ክጽናዕ እዩ፡ እቲ ብሓታቲ ዑቕባ ዝቐረበ ሓበሬታ/ ጉዳይ  ከሙኡ ውን እቲ ዘቕረቦ ወረቓቕቲ ብቑዕነቱን ሓቕነቱን ክጻረይ እዩ። እቲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባ ብቑዕ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሓታቲ ዑቕባ ሙሉእ መሰል ዑቕባ ስደተኛ ወይ ውን ሳብሲዳሪ መሰል ዑቕባ ክዋሃቦ ይኽእል። ጥርጣረታት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ፡ ናይ ቛንቛ ከሙኡ ውን ናይ ሕክምና መርመራታት ክግበረሉ ይኽእል እዩ።

ብመሰረት ንመሰል ዑቕባ ከሙኡ ውን ንግዝያዊ ዑቕባ ዝምልከት ብታሕሳስ 18 2015 ዝወጸ ሕጊ፡ ሓደ ሓታትቲ መሰል ዑቕባ ካብቲ ኢዱ ዝሃበሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ መልሲ ወሳነ ናይ ሕቶኡ ክዋሃቦ/ ክፈልጥ ኣለዎ። ውሳነ ክይተዋህበ ልዕሊ 6 ወርሒ ምስ ዝገብር (ብሰንኪ ዝተሓላለኸ ሕጋዊ ጉዳያት ወይ  ሕቶታት፡ ኣብቲ ግዜቲ ኣዝዩ ብዝሒ ዘለዎም ሓተተ ዑቕባ ምስ ዝህልዉ፡ እቲ ሓታቲ ዑቕባ ግቡኡ/ ግዴትኡ ምስ ዘየኽብር )፡ ነቲ ሓታቲ ዑቕባ ምኽንያት መደንጎዩ ናይቲ ወሳነ ይሕበሮ እዩ። መስርሕ ናይ ውሳነ ምሃብ ካብ 21 ኣዋርሕ ንላዕሊ ክሓልፍ የብሉን። እቲ ውሳነ ርጀክት (ኔጋቲቭ) ምስ ዝኸውን ነቲ ዝተዋህበ ውሳነ ይግባይ እንብለሉ ክልተ መንገዲታት ኣሎ ፥ እቲ ቐዳማይ ብምምሕዳር ቤት ፍርዲ፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ብይግባይ ንምምሕዳር ቤት ፍርዲ።

ኣብ ሓደ ሓደ ውሱን ኣጋጣሚታት ወይ ጉዳያት ( እቲ ጉዳይ ፍሉይ ምስ ዘይከውን፡ እቲ ሰብ ዝመጸሉ ዓዲ ሰላም ምስ ዝኸውን፡ እቲ ሰብ ሓሶት ዝኾነ ሓበሬታ ምስ ዝህብ፡ ወዘተረፈ) እቲ መጽራይ ናይ ሕቶ ዑቕባ ብዝቐልጠፈ ኣገባብ ክትግበር ይካኣል እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ፡ እቲ ውሳኔ ኣብ ውሽጢ 2 ወርሒ ብሚንስትሪ ይዋሃብ፡ እቲ ወሳኔ ርጀክት ወይ ነጋቲቭ ምስ ዝኸወን ሓደ መንገዲ ናይ ይግባይ ምባል ጥራይ እዩ ዘሎ ንሱ ድማ ብምምሕዳር ቤት ፍርዲ እዩ።

## መሰል ዑቕባ ስደተኛ ምስተረጋገጸ/ ምስተዋሃበ

እቲ መሰል ዑቕባ ስደተኛ  ዝተዋሃበ ሓታቲ ዑቕባ ን 5 ዓመት ዝጸንሕ ታሴራ/ መንበሪ ፍቓድ ናይ ሓታቲ ዑቕባ ይዋሃቦ።   .
ከሙኡ ውን ካብ መሬት ሉግዘምቡርግ ወጻኢ ንኽገይሽ ዘኽእሎ ፓስፖርት ወይ ትራቨል ዶኩመንት ነቲ መሰል ዑቕባ ዝተፈቕደሉ ይዋሃቦ እዩ።
እቶም መሰል ናይ ሳብሲዳሪ ዑቕባ ዝተዋሃቡ ንምጋሽ ዘኽእሎም ፓስፖርት መታን ንኽፍቐደሎም ናይ ሃገሮም ፓስፖርት ከቕርቡ ኣለዎም ።

እቶም መሰል ናይ ዑቕባ ዝተዋህቦም ሰባት ልክዕ ከም ሓደ ዜጋ ሉግዘምበርጋዊ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ መንበሪ ገዛ፡ ናይ ትምህርቲ፡ ከሙኡ ውን ናይ ክንክን ሕክምና ኣገልግሎታት ዕድል ኣለዎ። ብኸምዚ መንገዲ ካብ ከምዚ ዓይነት ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ሓገዛትን ተረባሕቲ ክኾኑ ይኽእሉ።
ኣብ ደሞዝ ዘለዎ ይኹን ደሞዝ ዘይብሉ ዓይነት ስራሕ ክሳተፉ ይኽእሉ፡ ምስ ስራሕን ናይ ሞያን ዝታኣሳሰሩ ስልጠናታት ወይ ትምህርቲ ክሳተፉ ይኽእሉ።   .

ኣብ ኢንተርነት ናብዚ ገጽ ብምኻድ ዝያዳ ተወሳኺ ሓበሬታ ክንረክብ ንኽእል ኢና :
http://www.olai.public.lu/fr/actualites/2017/02/espace-communes/tout-savoir-sur.pdf

## ፪. ብሕጊ ናይ ኢሚግሬሽን ዝማሓደር መንበሪ ፍቓድ
## / LE SÉJOUR RÉGIS PAR LA LOI SUR L'IMMIGRATION: LE REGROUPEMENT FAMILIAL

ምጥርናፍ ስድራቤት

ሓደ ካብ ሳልሰይቲ ሃገር ዝመጸ ኮይኑ ኣብ መሬት ሉግዞምቡርግ ብስሩዕ ዝቕመጥ : ብኻልእ ኣጸዋውዓ ጠርናፊ/ ኣካቢ/እስፖንሰር ዝባሃል፣ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ስድራቤቱ ክጥርንፎም ወይ ክእክቦም ይኽእል፣

- መጻምዲ ናይቲ ጠርናፊ/ እስፖንሰር;
- መርዓ ብምምሕዳር ወይ ብማዘጋጃቤት ዝገበረሉ/ላ ሰብ (ኣብ ምምሕዳር ምዝጉብ ዝኾነ መርዓ) ;
- ትሕቲ 18 ዓምት ዝዕድሚኦም ዘይተመርዓው ቖልዑ ፣ንኻኣልዮም መሰልን ሓላፍነትን ምስ ዝህልዎ
- ናይ ቐጥታ ወለዲ ፣ እቲ ናይ ቐጥታ ወለዲ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብኡ ዝምርኮስ/ ባዕሉ ዛኣልዮ ምስ ዝኸውን ከሙኡ ውን ኣብቲ መቦቖል ዓዱ ድማ ኣድላዩ ዝኾነ ናይ ስድራቤታዊ ሓገዝ ዘይረክብ ምስ ዝኸውን።

ጠርናፊ/ እስፖንሰር ክማልኦም ዘለዎ ነገራት :

- ብውሑዱ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ ናይ መንበሪ ፍቓድ ወይ ሴጁኽ ክህልዎ ኣለዎ,
- ዘታኣማምን ተኽእሎ ንናይ ነዊሕ ግዜ መንበሪ ፍቓድ መሰል ክህልዎ ኣለዎ,
- ካብ ማሕበራዊ ሓገዝ ከይተጸበየ ንገዛእ ርእሱን ነቶም ኣብ ትሕቲ ሓላፍነቱ ዘለው ኣባላት ስድራቤቱን ክኣልየሉን ክካይደሉን ዝኽእል እኹል ስሩዕ ከምኡ ውን ውሑስ ዝኾነ ቐረብ ወይ ትሕዝቶ ከም ዘለዎ ከረጋግጽ ኣለዎ። .
- ንመቐበሊ ኣባላት ስድራቤቱ ዝኸውን , ብቑዕ መንበሪ ገዛ ክህልዎ ኣለዎ።
- ንዕኡን ንኣባላት ስድራቤቱን ዝሽፍን ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ከዳሉ/ ክህልዎ።

ክንክተሎም ዘለና ኣገባባት :

ንኣባል ስድራቤት ንምጥርናፍ ዝግበር ጠለብ ናብ ሚኒስትሪ ኢሚግሬሽን ክሕበር ኣለዎ ፣ኣባላት ስድራቤት ናብ መሬት ሉግዞምቡርግ ቅድሚ ምእታዎም ብዘይካ ኣብ ሓደ ሓደ ፍሉይ ጉዳያት ንሚንስትሪ ክሕበር ኣለዎ። ካብቲ ሕቶ ናይ ምጥርናፍ ዝቐረበሉ ዕለት ዝጅምር ኣብ ውሽጢ 9 ኣዋርሕ እቲ ሚኒስትሪ ነቲ ሓታቲ ምጥርናፍ ስድራቤት መልሲ/ ውጽኢት ብጽሑፍ መልክዕ ይህቦ።

ምስ እዚ ጉዳይ ዝታኣሳሰር ከም ተወሳኺ ክቐርብ ዘለዎ መደገፍታ ሰነዳት/ ወረቓቕቲ

**መጻምድታ/ቱ (ምርዑዋት እንተኾይኖም ) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገበ (ዘይተመርዓው) መጻምድታ/ቱ ናይቲ ጠርናፊ/ እስፖንሰር :**

- ዝተረጋገጸ ወይ ሰርቲፋይድ ኮፒ ናይ ሓቐኛ ፓስፖርት ናይቲ መጻምድታ/ቱ (ምርዑዋት እንተኾይኖም) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገቡ (ዘይተመርዓዉ) መጻምድታ/ቱ
- ምስክርነት ልደት ወይ በርዝ ሰርቲፊኬት ናይ ናይቲ መጻምድታ/ቱ (ምርዑዋት እንተኾይኖም) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገቡ (ዘይተመርዓዉ) መጻምድታ/ቱ
- ናይ መጻምድታ/ቱ (ምርዑዋት እንተኾይኖም) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገቡ (ዘይተመርዓዉ) መጻምድታ/ቱ ካብቲ ዝቕመጠሉ ዓዲ ናይ ፖሊስ/ ገበን ጸብጻብ ወረቐት ;
- ናይ ቓል-ኪዳን ዝኣሰርካሉ መረጋገጺ ( ናይ መርዓ ወረቐት፣ ናይ ምምሕዳር/ምዝጉብ ወረቐት)

**ውላድ (ህጻን) ናይ እስፖንሰር ወይ ውላድ ናይቲ እስፖንሰር መጻምድቲ (በዓል/ቲ ቤት) ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገበ (ዘይተመርዓው) መጻምድታ/ቱ :**

- ዝተረጋገጽ ወይ ሰርቲፋይድ ኮፒ ናይ ሓቐኛ ፓስፖርት ናይቲ ህጻን;

- መረጋገጺ ህላወ ናይ ዝምድና ምስቲ እስፖንሰር (ምስክርነት ልደት ናይቲ ህጻን ፣ ናይ ስድራቤት መዝገብ ካልእን) ;
- ጉዳይ ፍትሕ ምስ ዝህሉ (ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ህጻናት ጥራይ) :

  - እቲ ኣብ ሉግዞምቡርግ ዘሎ ወላዲ ነቲ ህጻን ናይ ምእላይ ሓላፍነት ከምዘለዎ ወይ ክምዝተዋሃቦ ዘርኢ መረጋገጺ ውሳነ / ሞግዚትነት ; ከሙኡ ውን
  - እቲ ካልእ ወላዲ ነቲ ህጻን ንኽበጽሖ (ደሃዩ ክገብር) ከምኡ ውን ምስኡ ብሓደ ናይ ምንባር መሰል እንተድኣ ሃሊይዎ፥ እዚ ካብ ሉግዞምቡርግ ወጻኢ ዝነብር ወላዲ እቲ ትሕቲ ዕድመ ህጻን ናብ ሉግዞምቡርግ መጽዩ ንኽቕመጥ ከም ዝተሰማምዐ ዘረጋግጽ ሕጋዊ ሰነድ ክቐረብ ኣለዎ (ምስኡ ድማ ወረቐት መንነት ናይቲ ካብ ሉግዞምቡርግ ወጻኢ ዝቕመጥ ወላዲ ክቐርብ ኣልዎ)

- ክልቲኦም ወለዲ ነቲ ህጻን ናይ ምእላይ ሕጋዊ ሓላፍነት ምስ ዝህልዎም (ንትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ህጻናት ጥራይ) : እቲ ካብ ሉግዞምቡርግ ወጻኢ ዝነብር ወላዲ እቲ ትሕቲ ዕድመ ህጻን ናብ ሉግዞምቡርግ መጽዩ ንኽቕመጥ ከም ዝተሰማምዐ ዘረጋግጽ ሕጋዊ ሰነድ ክቐረብ ኣለዎ (ምስኡ ድማ ወረቐት መንነት ናይቲ ካብ ሉግዞምቡርግ ወጻኢ ዝቕመጥ ወላዲ ክቐረብ ኣለዎ )።

**ወለዲ ናይ እስፖንሰር ወይ ወለዲ ናይቲ እስፖንሰር መጻምድቲ (በዓል/ቲ ቤት) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገቡ (ዘይተመርዓው) መጻምድታ/ቱ**

- ብሕጊ ዝተረጋገጸ ወይ ሰርቲፋይድ ኮፒ ናይቲ ሓቐኛ ፓስፖርት ናይ ወላዲ ;
- ምስክርነት ልደት ወይ በርዝ ሰርቲፊኬት ናይ ወላዲ ;
- ናይቲ ወላዲ ካብቲ ዝቕመጠሉ ዓዲ ናይ ፖሊስ/ ገበን ጸብጻብ ወረቐት ;
- መረጋገጺ ህላወ ናይ ዝምድና ምስቲ ወላዲ (ምስክርነት ልደት ናይ እስፖንሰር ወይ ናይቲ እስፖንሰር መጻምድቲ (በዓል/ቲ ቤት) ወይ ኣብ ምምሕዳር ጥራይ ዝተመዝገቡ (ዘይተመርዓው) መጻምድታ/ቱ ወዘተረፈ)
- ናይቲ ኣመልካቲ ኩነታት ሓዳርን ናይ ስድራቤት ህልው ኩነታት ከሙኡ ውን ኣብቲ መበቖል ዓዱ/ሃገሩ ዝኾነ ደገፍ ወይ ሓገዝ ናይ ስድራቤት ከም ዘይብሉ ዝገልጽ መረጋገጺ ወረቐት (መዝገብ ናይ ስድራቤት, ኩሉ ምስ እዚ ጉዳይ ዝታኣሳሰር በቲ ምምሕዳራት መቦቖል ዓዱ ናይቲ ኣመልካቲ ዝተዋህበ ሰነዳት) ;
- ቕድሚ እቲ ናይ ምጥርናፍ ሰድራቤት ጠለብ ምቕራቡ እቲ ወላዲ ካብቲ እስፖንሶር ሓገዝ ይረክብ ከም ዝነበረ ወይ ኣቡኡ ጽግዕተኛ ከም ዝነበረ ዘረጋግጽ ሰነድ (ንኣብነት እቲ እስፖንሶር ናብቲ ወላዲ ናይ ገንዘብ መልእኽቲ ይሰድድ ከም ዝነበረ ዘረጋግጽ ሰነድ ወዘተረፈ) ;
- ህሉው ቑጠባዊ ኩነታት ናይ ወላዲ ኣብቲ መቦቖል ዓዱ ዝገልጽ ሰነድ (ከም ምንጪ ናይ ኣታዊ ወይ ዋንነት ንብረት ዝኣመሰሉ መረጋገጺ ናይ ምንጪ ናብራ ወዘተረፈ).

እቲ ዝዳሎ ሰነዳት ብመልክዕ **ኦርጂናል ሰነድ ወይ ድማ ብሕጊ ዝተረጋገጸ/ ሰርቲፋይድ ኮፒ ክቐርብ ኣለዎ።** ሓቕነት ናይቲ ዝቐረበ ሰነዳት ዘጠራጥር ምስ ዝኸውን ፣ ሚኒስትሪ ኢሚግሬሽን ነቲ ሰነዳት ብምምሕዳር ከምዝጻረ ከሙኡ ውን ኣብ ኤምባሲ ተጻርዩ ከምዝረጋገጽ ክገብር ይኽእል እዩ።

እቲ ሰነዳት ብቛንቛ ጀርመን፥ ፈረንሳ፥ ወይ ኢንግሊዘኛ ዘይተጻሕፈ ምስ ዝኸውን ብሓደ ሕጋዊ ቱርጁማን ቶቶርጊሙ ክቐርብ ኣለዎ።.

መንበሪ ፍቓድ ምስ ተዋህበ (ታሴራ መንበሪ ፍቓድ)

ፍቓድ ምስተዋህበ ወይ እቲ ሕቶ ምጥርናፍ ቕቡል ምስኮነ, እቲ ናይ ሳልሳይ ሃገር ዜጋ ወይ ኣባል ስድራቤት "ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ» ይዋሃቦ። እዚ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ን90 ማዓልታት ጥራይ ንኣገልግሎት ዝጸንሕ እዩ። ኣብ ውሽጢ እዚ 90 ማዓልታት እቲ ኣባል ስድራቤት ክገብሮም ዘለዎ እዞም ዝስዕቡ እዮም፥

- ቪዛ ክህልዎ ዝግብኦ እንተኾይኑ፥ ናብ ሃገራት ሸንገን መእተዊ ዝኸውን ቪዛ ክሓትትን ክዳሉን ኣለዎ
- ቪዛ ዘየድልዮ እንተኾይኑ፥ ናብ መሬት ሉግዘምቡርግ ብምእታው ኣብቲ ዝቕመጠሉ ምምሕዳር ከይዱ መጽዩ ከምዘሎ ክሕብር ኣለዎ።

እቲ ኣባል ስድራቤት ኣብ መሬት ሉግዘምቡርግ ምስ ኣተወ ኣብ ውሽጢ 3 ማዓልታት፣ ናብቲ ዝቕመጠሉ ምምሕዳር ከባቢ ብምኻድ ምምጽኡ ክሕብር ኣለዎ፥ ንወጻእተኛታት ዝግበር ሕክምናዊ መርመራ ክገብር ከሙኡ ውን ብድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ናብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻእን ኤውሮጳን (ሚኒስትሪ) ብምኻድ ፎርም ብምምላእ መንበሪ ፍቓድ « ንኣባል ስድራ » ክሓትት ወይ ከመልክት ኣለዎ።

እዚ መንበሪ ፍቓድ ንሓደ ዓመት ዝዋሃብ ኮይኑ ፡ ክናዋሕ ውን ይካኣል እዩ።

ኣብዚ ናይ ኢንተርነት ገጽ ብምኽፋት ብዛዕባ ክማልኡ ዘለዎም ፎርም ከሙኡ ውን ዝርዝር ናይ ሰነዳትን ክንረኽቦ ንኽእል :
http://www.guichet.public.lu/citoyens/en/immigration/plus-3-mois/ressortissant-tiers/membre-famille/regroupement-familial/index.html

**ነቶም መሰል ናይ ዑቕባ ዝተዋህቦም ኣብ ምጥርናፍ ኣባላት ናይ ስድራቤቶም ንምስላጥ ዝሸውን ፍልይ ዝበለ መንገዲታት ኣሎ።**

**እዚ ድማ፥ እቲ መሰል ናይ ዑቕባ ዝተዋሃቦ ሰብ ሕቶ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ከመልክት ይኽእል እዩ፥ እንተኾነ ግን 3 ወርሒ ድሕሪ እቲ መሰል ናይ ዑቕባ ዝተዋሃቦሉ ግዜ እንተ ድኣ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ሓቲቱ ጉዳይ ምቕራብ ብቑዕ መንበሪ ገዛ ከሙኡ ውን እኹል ሃብቲ/ ቐረብ ከማልኦን ከተግብሮን ኣለዎ።**

ኣብ ርእሲ እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ኣባላት ስድራቤት, ብተወሳኺ ነዞም ስዒቦም ተጠቒሶም ዘለው ዓይነት ሰባት ውን ሕቶ ወይ ጠለብ ንናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ከቕርብ ይኽእል እዩ :

- ቀዳማይ ደረጃ ቐጥታ ወለዲ (ኣደን ኣቦን) ናይቶም መሰል ዑቕባ ዝተዋሃቦም ብዘይ ኣላዩ ዝነብሩ ትሕቲ ዕድመ ቖልዑ
- ፍቓድ ካብ ሚንስትሪ ምስተዋህበ፥ ሕጋዊ ኣላዩ (ብሞግዚትነት) ወይ ዝኾነ ኻልእ ኣባል ስድራቤት ናይቲ መሰል ዑቕባ ዝተዋሃቦ ናይ ቐጥታ ወለዲ ዘይብሉ ትሕቲ ዕድመ ቖልዓ ።

ንኢሚግሬሽን ኣብ ሉግዘምቡርግ ዝምልከት ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ብቑጽሪ ቴሌፎን 43 83 33-1 ወይ ድማ በዚ ኢመይል guichet@asti.lu ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።

## ３. ኣብ ሉግዞምቡርግ ዘለው ኣመራኻብቢ ወይ ርክባት ዘሳልጡ ኣገልግሎታት
## / SERVICES FACILITANT LA COMMUNICATION AU LUXEMBOURG: LES MÉDIATEURS DU MEN, LE SERVICE INTERPRÉTARIAT INTERCULTUREL DE LA CROIX-ROUGE LUXEMBOURGEOISE

**ኣሳለጥቲ/ ሞንጎኛታት ናይ ባህሊ :**

ወለዲ፡ መማህራን ከሙኡ ውን ሓለፍቲ ናይ ኣብያተ ቤት ተምህርቲ ብነጻ ዝዋሃብ ሓገዝ ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ከም ቦዝንያን/ ክሮሽያን/ ሞንቶነግሮ/ ሰርቢያን/ ትግርኛን ክዛረቡ ዝኽእሉ ኣሳለጥቲ ወይ ሞንጎኛታት ናይ ባህሊ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እዞም ኣሳለጥቲ ወይ ሞንጎኛታት ናይ ባህሊ ንተማሃሮን ወለድን ኣብቲ ናይ መጀመርያ ናብዚ ዓዲ ዝኣትውሉ ግዜ ሓገዝ ይህብዎም፡ ብዛዕባ ናይቲ ዝመጽሉ ዓዲ ስርዓተ ትምህርቲ ንዝምልከት ሓበሬታ ብምቱርጓም ሓገዝ ይገብሩ፡ ኣብ ሞንጎ ወለድን/መማህራንን ርክብ ኣብ ዝግበረሉ ግዜ ናይ ምቱርጓም ሓገዝ ይገብሩ። ንኣብነት ብሱሩዕ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ሓገዝ ይገብሩ። ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ፡ ኣብ ሞንጎ ተማሃራይን ወለዱን ከሙኡ ውን ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ዝካየድ ርክባትን ምምርድዳኣትን እዮም ዘሳልጡ።

ሓገዝ ናይ ኣሳለጥቲ ወይ ሞንጎኛታት ናይ ባህሊ ንምሕታት ኣብ ኢንተርነት ኣቲና ክንመልኦ ዘለና ፎርም ኣሎ።
**ኣድራሻ ናይ ኣሳለጥቲ ወይ ሞንጎኛታት ናይ ባህሊ :**
ቴሌ : (+352) 247-85909
ኢ.-መይል : mediateurs@men.lu

**ኣገልጉሎት ትርጁማን/ ምቱርጋም ብቐይሕ መስቀል ናይ ሉግዞምቡርግ**
<u>ዕላማ ናይቲ ኣገልግሎት</u>
ንህዝባዊ ምምሕዳራት ከሙኡ ውን ኣገልግሎታት ሕክምና ወይ ንሓገዝን ደገፍን ዝህቡ ትካላት ኣዝዩ ኣሸጋሪ ዝኾነ ናይ ምርድዳእ ወይ ምብህሃል ኩነታት ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ በዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ናይ ሞያዊ ድጋፍ የቕረብ፡

- ናይ ሕክምና ከሙኡ ውን ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ትርጁማን ብምድላው
- ንሞያውያን ብዛዕባ ናይ ባህላዊ ርክባት ከሙኡ ውን ኣገባብ ኣቐራርባ ሓበሬታ ምሃብ

እቲ ትርጁማን ዝህቦ ናይ ዝርርብ/ርክባት ምስላጥ ሓግዝ፡ መሰል ናይቶም ተገልገልቲ ኣብ ምኽባር ዘገልግል ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቶም ሰብ ሞያ እቲ ዝህብዎ ብቕዓት ኣገልግሎቶም ንኽዕብዩን ሙሉእ ኣገልግሎት ንኽህቡን የኽእሎም።
እዚ ኣገልግሎት ዘዳልዎም ትርጁማን ብኽእለት ናይ ቋንቋኦም፡ ባህላዊ ኣፍልጥኦም ከሙኡ ውን ናይ ምርድዳእ ክእለቶም ዝተመርጹ እዮም። እቶም ቶርጎምቲ፡ ሞያዊ ምስጢራውነት ዘኽብሩን ናይ ስነምግባር ሕግታት ዘኽብሩን ሰባት ኮይኖም , ብቐጻሊ ኣብ ናይ ሞያዊ ምክትታልን ቁጽጽርን ከሙኡ ውን ኣብ ናይ ዝርርብ መርመራታትን ልምምዳትን ይሳተፉ እዮም።

ቴሌ. (+352) 27 55-3610
ኢ.-መይል: interpretariat@croix-rouge.lu

## ４. ትምህርቲ ቋንቋ ሉግዞምበርጹዋ
## / APPRENDRE LE LUXEMBOURGEOIS: LES DIFFÉRENTS COURS DE LANGUE, APPRENDRE UNE LANGUE EN LIGNE, LE CONGÉ LINGUISTIQUE

ኣብ ሉግዞምቡርግ ዝተፈላለዩ ብዝሒ ዘለዎም ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣለው። ጨንፈር ትምህርቲ መንእሰያት ናይ ሃገራዊ ሚኒስትሪ ትምህርቲን ሞያዊ ስልጥናን ብመንገዲ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ወይ ብመንገዲ ምምሕዳራት ከሙኡ ውን ናይ ረብሓ ዘይኮና ማሕበራትን ዝተፈላለየ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ይህብ እዩ።
እቲ ዝዋሃብ ትምህርቲ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ገጻት ናይ ኢንተርነት ክንረኽቦ ንኽእል

www.men.public.lu.
www.lifelong-learning.lu
www.insl.lu

ቛንቛ ሉግዞምበርጂዋ ኣብ ኢንተርነት ናይ ምምሃር ተኽእሎ ውን ኣሎ። ኣበዚ ስዒቡ ተጠቒሱ ዘሎ ገጽ ናይ ኢንተርነት ክንረኽቦ ንኽእል :
http://www.elearning.lu/englishelearning/lb/intro/index.php

## ፭. ስርዓተ ትምህርቲ ኣህጻናት / LE SYSTÈME SCOLAIRE ET LA SCOLARISATION DES ENFANTS

ኣብ ሃገረ ሉግዞምቡርግ ካብ ወዲ 4 ዓመት ክሳብ ወዲ 16 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ግድነት ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ኣለዎ። እቲ ብመንግስቲ ዝዋሃብ ትምህርቲ ብናጻ እዩ። እቶም ተማሃሮ ቅድሚ ናብ ድሕረ-ቐዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ምሕላፎም ናይ መባእታ/መሰረታዊ ትምህርቲ ክወስዱ ይጸንሑ።

***መሰረታዊ/ መባእታዊ ትምህርቲ*** ኣርባዕተ ደረጃታት ኣለዎ:
1ይ ደረጃ (4-5 ዓመት ዕድመ) ኣቐዲምካ ካብ ወዲ 3 ዓመት ዝውሰድ ናይ ሓደ ዓመት ዝጸንሕ ግዴታዊ ዘይኮነ ትምህርቲ ውን ኣልዎ።
2ይ ደረጃ (6 ክሳብ 7 ዓመት ዕድመ)
3ይ ደረጃ (8 ክሳብ 9 ዓመት ዕድመ)
4ይ ደረጃ (10 ክሳብ 11 ዓመት ዕድመ)
ንትምህርቲ ዝኸውን መጻሕፍቲ ነቶም ተማሃሮ ብናጻ ይዋሃቦም።
ወላድካ ኣብ ናይ መሰረታዊ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ኣብቲ እትነብረሉ ዘለኻ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ክትከይድ ኣለካ።

***ድሕረ-መሰረታዊ/ መባእታዊ ትምህርቲ (ፖስት-ፕሪሜር)*** ኣብ ክልተ ዓይነት ትምህርቲ እዩ ዝኽፈል:
- ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ክላሲክ፣ ንሸውዓተ ዓመት ዝጸንሕ ትምህርቲ,
- ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቴክኒክ ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ስልጠና ወይ ትምህርቲ ዘጠቓልል ኮይኑ ኣብቲ ዓይነት ትወስዶ ትምህርቲ ዝሙርኮስ ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሾሞንተ ዓመት ክጸንሕ ይኽእል።

ንትምህርቲ ዝኸውን መጻሕፍቲ እቶም ተማሃሮ ባዕሎም ይገዝኡ/ ናቶም ሓላፍነት እዩ።

ንወጻእተኛታት/ስደተኛታት ቖልዑ ንምቕባል ተባሂሉ ኣብ መባእታዊ ደርጃ ትምህርቲ ከምኡ ውን ኣብ ድሕረ መባእታዊ ደረጃ ትምህርቲ ዝተዳለወ ፋሉይ ኣሰራርሓ ኣሎ .

ሃገራዊ ሚንስትሪ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን- ክፍሊ ምቕባል ሓደስቲ ተማሃሮ ንትምህርቲ (CASNA)
ቴሌ. : (+352) 247 85277 ou 247 75277
ኢ-ሜይል: casna@men.lu

ፍሉይ ናይ ትምህርቲ ድሌታት ወይ ጠለባት ንዘለዎም ቖልዑ ትኽ ኢሎም ናብቲ ንቡር ስርዓተ ትምህርቲ ክም ዝሕወሱ ይግበር ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ናይ ትምህርቲ ትካል ወይ ኣገልግሎት ድጋፍ ይዋሃቦም
**ዝተፈልየ/ፍሉይ ትምህርቲ**
***ሃገራዊ ሚንስትሪ ትምህርቲ, ንቖልዑ ከሙኡ ውን መንእሰያትን***
**ኣገልግሎት ዝተፈልየ/ፍሉይ ትምህርቲ**
29, rue Aldringen L-2926 Luxembourg
ቴለ.: +352 247 85179
ገጽ ኢንተርነት : www.ediff.lu

**ሙሉእ ሂወት ዝቕጽል ትምህርቲ ( ፎርማሲዮን ቱት ኦ ሎንግ ድ ላ ቪ)** ንመንእሰያት ናይ ሞያ ትምህርቲ ንኽረኽቡ, ንናይ ሃገራዊ ዲፕሎማን ሰርቲፊኬትን ከሙኡ ውን ንዘለዎም ሓፈሻዊ ዝንባሌ ዝኸውን መዳለዊ ትምህርቲ ንኽረኽቡ የኽእሎም። ኣብ ስራሕ ኣብ ዘለናሉ ግዜ ንትምህርቲ (ኮንጀ- ፎርማሲዩን) ዝኸውን 80 ማዓልታት ንነፍሲ ወከፍና ክፍቐደልና ይኽእል።

ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ገጽ ናይ ኢንተርነት ዝያዳ ሓቤሬታ ክንረክብ ንኽእል ኢና : www.lifelong-learning.lu

**ኣገልግሎት ቸክ**

ኣገልግሎት ቸክ ንኹሎም ኣብ ሉግዞምቡርግ ዘለው ወለዲ ተማሃሮ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ንዝግበር ካብ ናይ መንግስቲ ገንዘባዊ ሓገዝ ከሙኡ ውን ንናይ ኣገልግሎት ክንክን ቖልዑ ተረባሕቲ ንክኾኑ የኽእሎም (መውዓሊ ህጻናት፡ መንበሪ ስድራቤት፡ ታሓጋገዝቲ ወለድን)።

እዚ ኣገልግሎት ቸክ ንወለዲ ተማሃሮ እቲ ዘለዎም ኣታዊ ሙርኩስ ብምግባር ናይ ዋጋ ሙጉዳል ከሙኡ ውን ኣብ ኣገልግሎት ክንክን ቖልዑ ናይ ነጻ ግልጋሎት ሳዓታት ንኽረኽቡ የኽእሎም። እዚ ንኹሎም ኣብ ክሊ ዕድመ 0 ክሳብ 12 ዘለው ቖልዑ ዝዓለመ እዩ።

**ክንክተሎም ዘለና ኣገባባት :**

ካብ ናይ ኣገልግሎት ቸክ ረብሓታት ተጠቐምቲ ንኽኾኑ , እቶም ወለዲ (ወይ ሕጋዊያን ኣለይቲ ናይቲ ቖልዓ) ካብቲ ዝነብሩሉ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ንነፍሲ ወከፍ ቖልዓ ናይ ኣባልነት ካርድ ክሓቱ/ ክውጽኡ ኣለዎም .

እዚ ካርድ ምስቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ናይቲ እትቕመጠሉ ከባቢ ናይ ስምምዕ/ ኣባልነት ኮንትራት ምስፈረሙ ብነጻ ይዋሃቦም።

መወከሲ ገጽ ኢንተርነት : www.accueilenfant.lu/accueil

**ውላድካ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ወይ ፖስት-ሰከንዳሪ ትምህርቲ ክቕጽል እንተ ደልዩ, .**

እቲ ዘሎ ስርዓት ወይ ኣሰራርሓ ናይ እስኮላርሺፕ ከሙኡ ውን ናይ ገንዘብ ልቓሕ ፡ ዕድመ ብዘይየገድስ ንኹሉ ተቐማጢ ናይ ሉግዞምቡርግ ናጻ ኾይኑ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንኽቕጽል የኽእሉ።

መጠን ናይቲ ብመልክዕ እስኮላርሽፕ ወይ ናይ ገንዘብ ልቓሕ ዝዋሃብ ሓገዝ ኣብ ኣታዊታት ናይቲ ተማሃራይ (ካብ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ/ ክረምቲ ዝሰርሖ ስራሕ ወጻኢ) ከሙኡ ውን ኣብ ዘቤታዊ/ ስድራቤታዊ ኣታዊታት ዝሙርኮስ ኣዩ።.

**ነዚ ንምርካብ ክማልኡ ዘለዎም**

ኣብ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ክትምዝገብ ኣለካ + ከሙኡ ውን ሓደ ካብዞም ቐጺሎም ተጠቒሶም ዘለው ከተማልእ ኣለካ :

- ሉግዞምቡርጋዊ ዜጋ ምስ እትኸውን: ኣብ ሉግዞምቡርግ ክትቕመጥ ኣለካ
- ዜጋ ኣባል ማሕበር ሃገራት ኤውሮጳ ምስ እትኸውን: ናይ ባዕልኻ ስራሕ ሃልዩካ ወይ ከም ዶሞዝተኛ ኮይንካ ኣብ ሉግዞምቡርግ ምስ እትቕመጥ , ናይ ከምኡ መሰል ዘለዎ ወይ ኣባል ስድራ ናይ ሓደ ካብዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ዓይነት ሰባት ወይ ድማ ብቐዋምነት ንኽነብር ፍቓድ ዝተዋህበካ ሰብ።
- ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ ወይ ውን ሃገር/ ዜግነት ዘይብልካ ምስ እትኸውን: ኣብ ሉግዞምቡርግ ንሓሙሽተ ዓመት ክትቕመጥ ኣለካ, ምስ ናይ ሉግዞምቡርግ ስርዓት ደረጃ ትምህርቲ ዝመጣጠን ወይ ማዕረ ዝኾነ ዲፕሎማ ናይ መዛዘሚ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ክህልወካ ኣለዎ።
- ናይ ፖሎቲካ ስደተኛ ምስ እትኸውን: ኣብ ሉግዞምቡርግ ክትቕመጥ ኣለካ

Centre de Documentation et d'Information sur l'Enseignement Supérieur (CEDIES)
ማእከል ሰነዳን ሓበሬታን ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ
18-20, montée de la Pétrusse L-2327 Luxembourg
Tél : (+352) 247 88650
መወከሲ ገጽ ኣብ ኢንተርነት: www.cedies.public.lu

# ፊ. ጥዕና ነብሙሉ ውን ማሕበራዊ ሓጽነት/ጸገፍ / SANTÉ ET SOLIDARITÉ SOCIALE

**ኢንሹራንስ (መድሕን) ጥዕና** ንክንክን ሕክምና ዝግበር ክፍሊታት ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኸፊሉ ይሽፍኖ (ንሓኻይም, መድሃኒታት, ፍወሳታት, ወዘተረፈ)

ኩሉ መድሕን/ ኢንሹራንስ ናይ ጥዕና ዘለዎ ሰብ ናብ ሓኪም ወይ ሆስፒታል ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ሒዝዋ ክቐርብ ዘለዎ ሓንቲ ካርድ ኢንሹራንስ ትዋሃቦ እያ።

**ክንክተሎም ዘለና መንገዲታት :**
ምዝገባ ንኢንሹራንስ/ መድሕን ጥዕና ኣብ ማእከል ሓባራዊ ሶሻል-ሰኪሪቲ (ክፍሊ ምዝገባ) እዩ ዝካየድ:

- ደሞዝተኛ ሰራሕተኛ እንተደኣ ኮይንካ, ባዕሉ እቲ ኣስራሒኻ ወይ ስራሕ ዝቖጸረካ እዩ ነቲ ምዝገባ ዝገብረልካ; ሓደ መረጋገጺ ናይ ምዝገባ እውን ክዋሃበካ ኣለዎ
- ኣብ ናይ ውልቕኻ ስራሕ ትነጥፍ እንተኾይንካ, ባዕልኻ ብውልቕኻ ነቲ ምዝገባ ናይ መድሕን ኢንሹራንስ ክትገብሮ ኣለካ ;

**ክንፈልጦ ዝግባኣና**

- ኩሉ ኣብ ሉግዞምቡርግ ዝሰርሕ ሰብ መድሕን ወይ ኢንሹራንስ ጥዕና ክህለዎ ይግደድ እዩ።
- ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ናይ ሓደ ኣብ መድሕን ኢንሹራንስ ጥዕና ዝተመዝገበ ሰብ ዘለው ኣባላት ስድራቤቱ ብቐጥታ ኣብ ኢንሹራንስ ምዝጉባት ይኾኑ.
- እቲ ናትካ ምዝገባ ኢንሹራስ ጥዕና ኣብ ዝቛርጸሉ ኣጋጣሚ፣ ዕድሜኻ ብውሑዱ 18 ዓመት ምስ ዝኸውን ኣብ ውሽጢ 6 ኣዋርሕ

ናብ ማእከል ሓባራዊ ሶሻል ሰኪሪቲ (ክፍሊ ምዝገባ) ብምኻድ ንወለንታዊ ኣባልነት ከተመልክት ኣለካ። .
ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ብመድሕን ኢንሹራንስ ዝሽፈኑ ዓይነት እንተዘይኾንካ , ናብ ማእከል ሓባራዊ ሶሻል-ሰኪሪቲ (ክፍሊ ምዝገባ) ብምኻድ ንናይ ወለንታዊ መድሕን ኣባልነት ናይ ምምልካት ዕድል ኣለካ።

ሰለስተ ወርሒ ድሕሪቲ ናብ ማእከል ሓባራዊ ሶሻል-ሰኪሪቲ (ክፍሊ ምዝገባ) ዘመልከትካሉ ዕለት ናይ መድሕን ኢንሹራንስ መሰላትካን ረብሓታትካን ይረጋገጸልካ።
ኣብ ኩሉ ኣጋጣሚታት ወይ መስርሐት ኣብ ሶሻል-ሰኪሪቲ ከም ዝተመዝገብካ ዝሕብር ሰርቲፊኬት ከሙኡ ውን ሓንቲ ፕላስቲክ ካርድ ክዋሃበካ እዩ።

**ካልኦት ኣድራሻታትን ኣገደስቲ ሓበሬታታትን :**
ኣብቲ መጀመርያ ገጻት ናይ መጽሓፍ ቴሌፎናት (ፎን-ቡክ) **ዝርዝር ናይ ኩሎም ኣብ ሉግዘምቡርግ ዝነጥፉ ሓኻይም በብሞያኦምን ዝርከቡሉ** ቦታን ክትረኽቡ ኢኹም።.
ከሙኡ ውን ዝርዝር ናይ ኣብ ሉግዞምቡርግ ዝርከቡ ሓኻይም፣ ካልኦት ናይ ጥዕና ሰብ ሞያውያን፣ ሆስፒታላት፣ ናይ ገዛ ሕክምናታት፣ ማሕበራትን ኣገልጉሎት ክንክን ቐልው ዝህቡን ክትረኽቡ ኢኹም።.

2-ዝርዝር ናይ ዘለው **ሕጋውያን ቶርጎምቲ/ ቱርጁማን** ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ በዚ ቑጽሪ ክንሓትት ንኽእል (tél: +352 475981-1)

እንተዘይኮይኑ, ነቲ ዝርዝር ኣብዚ ገጽ ኢንተርነት ክንረኽቦ ንኽእል ኢና :
www.justice.public.lu/fr/aides-informations/liste-des-experts/index.html

**ማሕበራዊ ሓድነት/ደገፍ**

ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈታት (ሶሻል ኦፊስ)
ነፍሲ ወከፍ ካብ 6000 ንላዕሊ ዝኾኑ ብዝሒ ዘለዎም ተቐማጦ ዘለዋ ምምሕዳር ሓደ ማሕበራዊ ቤት ጽሕፈት ወይ ድማ ሶሻል ኦፊስ ግድን ክህልዋ ኣለዎ። እተን ንኣሽቱ ምምሕዳራት ምስ ካልኦት ምምሕዳራት ተጠርኒፈን ሓደ ናይ ሓባር ሶሻል ኦፊስ ክፈጥራ ኣለወን።
እዚ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኹሉ ኣብቲ ኣከባቢ ምምሕዳር ብሕጋዊ መንገዲ ዝነብር ሰብ ዝምልከት ኮይኑ ንዝኾነ ዓይነት ናይ ገንዘባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ነገራዊ ዝሕተት ሓገዛት የማልእ። እዞም ዝስዕቡ ሓደ ሓደ ኣብነታት ናይቶም ዝዋሃቡ ሓገዛት እዮም :

- ምሕደራ ንሓተትቲ ናይ ኣር.ኤም.ጂ (RMG) ከሙኡ ውን ናታቶም ማሕበራዊ ክትትል
- ዕድል ንኽልኦት ማሕበራዊ መሰላት
- ናይ ስድራቤታዊ ወይ ናይ ዝምድናዊ ሽግር ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ ምኽሪን ክትትልን ምሃብ ;
- ስነ-ኣእሙራዊን ማሕበራውን ምኽርታት ምሃብ;
- ኣብ ንምምሕዳራዊ ነገራት ዝመልከቱ ጉዳያት ሓገዝ ምሃብ፣ ንኣብነት ፎርም ኣብ ምምላእ፡ ደብዳቤ ኣብ ምጽሓፍ . . . ;
- ብዛዕባ ካልኦት ኣገልግሎታት ዝምልከት ሓበሬታን መምርሒን ምሃብ;
- ንዕድመ ዝደፍኡ ዝተፈላለየ ሓገዛት ምሃብ.

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ እትቕመጠሉ ኣከባቢ ዘሎ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።.

**ኣገልግሎት ቤት ፍርዲ**

ዕድል ናይ ኣገልግሎት ቤት ፍርዲ ንምውሓስ, እቶም ትሑት መጠን ኣታዊ ናይ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ናይ ቤት ፍርዲ ኣገልግሎት ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት ድማ ብናጻ ናይ ጠበቓ ኣገልግሎት ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። እዚ ናይ ቤት ፍርዲ/ ሕጊ ሓገዝ ኣብቲ ብኣኻ ወይ ንዓኻ ዝተመስረተ ጉዳይ ክሲ ብመልክዕ ፍርዳዊ፡ ኤክስትራ-ጁዲሻል፡ ግራሽዮስ፡ ኮንተንሺዮስ ይዋሃብ።.
ናይ ቤት ፍርዲ/ ሕጊ ሓገዝ ጠለብ ንምቕራብ ሓደ ብፋሉይ ዝተዳለወ ሕቶታት ዝሓዘ ፎርም ክንመልእን (እቲ ፎርም ካብዚ ገጽ ኢንተርነት ክነውርዶ ንኽእል www.guichet.lu ወይ ድማ ብጠበቓኻ ይዋሃበካ), ከሙኡ ውን ፈሪምና ናብ ሓደ ብቑዕ ፕረዚደንት ማሕበር ጠበቓታት ክነቕርብን ኣለና (ኣብ ዴክሪሽ ወይ ሉግዞምቡርግ)።

<u>**ንቤት-ፍርዳዊ/ ሕጋዊ ጉዳያት ዝምልከት ሓበሬታ ብናጻ ዝህብ ኣገልግሎት ኣሎ :**</u>

እቲ ናይ ቤት-ፍርዳዊ/ ሕጋዊ ሓበሬታ ኣገልግሎት ነቶም ሓበሬታ ክረኽቡ ዝደልዩን ናብቶም ከም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ክኸዱ ዝደልዩን ሰባት ተቐቢሉ ይመርሖም፡

- ሲቪላዊ ሕጊ
- ውዕል ክራይ
- ፍትሕ
- ገበናዊ ሕጊ
- ሕጊ ዕዮ/ ስራሕ

ኣብ ትግባረ፣ ናይዚ ኣገልግሎት ኣሰራርሓ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:

- ንተገልገልቲ ብዛዕባ ስርዓትን ኣተጋባብራን ፍርዳዊ/ ሕጋዊ መስርሕ ሓበሬታ ምሃብ;
- ንመመልከቲ ዝኸውን ሞዴላት የዳሉን ይዝርግሕን;
- ጠበቓ ዘየድልዩም መንገድታትን ሕጋዊ መስርሓትን የብርህ/ ይሕብር።

ኣብ ሉግዞምቡርግ ኣገልግሎት ዝዋሃበሉ ሳዓታት :
<u>ንቤት-ፍርዳዊ/ ሕጋዊ ጉዳያት ዝምልከት ሓበሬታ ብናጻ ዝህብ ኣገልግሎት - ኣብ ሉግዞምቡርግ</u>
Cité judiciaire
Bâtiment BC
L-2080 - Luxembourg
ማዓልታዊ, ብዘይ ቐጸራ, ካብ ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ካብ 8h30 ቅ.ቀ ክሳብ 12h00 ከሙኡ ውን ካብ 13h00 ክሳብ 16h30.
ሶኒ ቕድሚ ቐትሪ: ብቖጸራ.

ኣብ ዴክሪሽ ኣገልግሎት ዝዋሃበሉ ሳዓታት :

<u>ንቤት-ፍርዳዊ/ ሕጋዊ ጉዳያት ዝምልከት ሓበሬታ ብናጻ ዝህብ ኣገልግሎት - ኣብ ዴክሪሽ</u>
Justice de paix
Place Joseph Bech
L-9211 - Diekirch
ኩሉ ግዜ ሮቡዕ ብዘይ ቖጸራ ካብ 9h00 ክሳብ 11h30 ከሙኡ ውን ካብ 14h30 ክሳብ 17h00.

## 7. ካም ወዲ-ሃገር ምኻን ወይ ዜግነት ምውሳድ(ናቱራሊዜሽን) / NATURALISATION

ናይ ሉግዞምቡርጅዋ ዜግነት ንምውሳድ ሕጊ ዜግነት ሉግዞምቡርጅዋ ከም **ናቱራላይዜሽን፣ ኦፕሽን፣** ከሙኡ ውን **ረኩቭረሞ** ዝባሃሉ ዝተፈላለዩ ኣገባባትን መስርሓትን ይኽተል። ኣብ ሓደ ሓደ ኣጋጣሚታት, ዜግነት ሉግዞምቡርጅዋ **ብሕጊ ዝወሰኖ ጥራይ** ክዋሃብ ይኽእል እዩ, እዚ ማለት ድማ ብቐጥታ ይዋሃብ ማለት እዩ።

ካብ 1 ጥሪ 2009 ኣትሒዙ ኣብ ሉግዞምቡርግ ክልተ ዜግነት ንኽህልወካ ወይ ንኽትሕዝ (ዳብል ናሽናሊቲ) ፍቑድ ኮይኑ ኣሎ።

**ክንክተሎም ዘለና ኣገባባት :**
ዜግነት ሉግዞምቡርጅዋ ብመንገዲ ናቱራሊዜሽን ወይ ኦፕሽን ንምውሳድ ጠለብ ከነቕርብ ምስ እንደሊ ኣብ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ናይቲ እንነብረሉ ኣከባቢ ዘሎ ሓላፊ ናይ ክብሪ መዝገብ ኢና ክንገብሮ ዘለና። ነቲ ዘቕረብካዮ ጠለብ መደገፍታ ዝኸውን ዝተፈላለየ ሰነዳት ወይ ወረቓቕቲ ከተዳሉ ኣለካ ( ኣብዚ ገጽ ናይ ኢንተርነት www.guichet.lu ኣብ ክፍሊ ሓበሬታ ዜግነት ነቲ እተቕርቦ ጠለብ ናይ ናቱራሊዜሽን ዘድሊ ዝርዝር ድጋፍ ሰነዳት ንምርካብ ይካኣል፥ ወይ ድማ ናብ ምምሕዳር ናይቲ እትነብረሉ ዘለኻ ኣከባቢ ብምኻድ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል)።

<u>ናቱራሊዜሽን</u>
ኣብ ሉግዞምቡርግ ብውሑዱ ንሓሙሽተ ዓመታት ንዝተቐመጡ ልዕሊ ዕድመ ንዝኾኑ ሰባት ዜግነት ሉግዞምቡርጅዋ ብመንገዲ ናቱራሊዜሽን ንምውሳድ ጠለብ ከቕርቡ ይፍቐዶም እዩ። እቲ ንዜግነት ዘመልክት ዘሎ ሰብ ኣፍልጦ ናይ ቛንቓ ሉግዞምቡርጅዋ ክህልዎ ኣለዎ ከሙኡ ውን ' ' ብሓባር ኣብ ሉግዞምቡርግ ምንባር' ' (ቪቭሽ ኦንሶምብል ኦ ሉግዞምቡርግ) ዝባሃል ዓይነት ትምህርቲ ወይ ፈተና ክወሰድ ኣለዎ።

<u>ኦፕሽን</u>
ኦፕሽን ዘድሊ ቅጥዕታት ንዘማልኡ ዓሰርተ ዓይነት ሰባት ዜግነት ናይ ሉግዞምቡርጅዋ ንኽወስዱ የኽእሎም፥
እዚ ዝምልከቶም ሰባት:

- ንሓደ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ወለዱ ወይ ዘኽታም እንተኾይኑ ድማ ዘዕበይዎ ሰባት ዜጋታት ሉግዞምቡርጅዋ እንተኾይኖም
- ንወላዲ ናይ ሓደ ሉግዞምቡርጋዊ ዜግነት ዘለዎ ትሕቲ ዕድመ ቖልዓ
- ንምስ ሉግዞምቡርጋዊ/ት መርዓ ዝገበረ/ት
- ንዕድሚኡ ካብ 12 ዓመት ንላዕሊ ዝገበረ ኣብ ሉግዞምቡርግ ዝተወልደ/ት
- ንሓደ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሉግዞምቡርግ ብውሑዱ ንሸውዓተ ዓመታት ኣብ ስርዓት ትምህርቲ ዝተሳተፈ
- ንሓደ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሉግዞምቡርግ ብሱሩዕ ብሕጋዊ መንገዲ ብውሑዱ ን 20 ዓመታት ዝተቐመጠ
- ንሓደ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኮንትራት (ኣኩይ ኤ ኢንተግረሽን ኮንትራት) ግዴታኡ ዘማልአ።
- ንሓደ ኣብዚ ግዜ ልዕሊ ዕድመ ዘሎ ሰብ ናብ ሉግዞምቡርግ ግን ትሕቲ ዕድመ እንከሎ ዝመጸ።
- ንሓደ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ናይ ስደተኛ ዑቕባ መሰል ወይ ናይ ሳብሲዳሪ ዑቕባ መሰል ዝተውሃቦ ወይ ድማ ፈጺሙ ሃገር/ ዜግነት ዘይብሉ ሰብ ።
- ንሓደ ወለንተኛ ወታሃደር

## ፀ. መጸብ ናይ ምቕባልን ምውህሃድን ኮንትራት( ኣኮይ ኤ ኢንተግረሽን ኮንትራት) – CAI / CONTRAT D’ACCUEIL ET D’INTÉGRATION - CAI

ብመንገዲ CAI , መንግስቲ ሉግዘምቡርግ ንወጻእተኛታት ምስ ሕብረተሰብ ሉግዘምቡርግ ንክጽምበሩ ወይ ክዋሃሃዱ ዘተባብዕ ሓደ መደብ ኣታኣታትዩ ኣሎ። እዚ መድብ በቲ ኣብ ትሕቲ ክትትል ሚኒስትሪ ስድራቤትን ምውህሃድን ዘሎ ቤት ጽሕፈት ኦላይ(OLAI) ዝካየድ እዩ .
**እዚ መደብ ዝምልከቶ ክፋል ሕብረተሰብ :**

መደብ CAI ንኹሎም ልዕሊ 16 ዓመት ዕድመ ዝገበሩ ኣብ ሉግዘምቡርግ ብሕጋዊ ኣገባብ ዝቕመጡን ንነዊሕ ግዜ ብቐጻልነት ክቕመጡ ዝደልዩን ወጻእተኛታት ዝምልከት እዩ።

ኣብዚ መደብ ንምስታፍ ብግዴታ ኣይኮነን ከሙኡ ውን ነቶም ናብ ሉግዘምቡርግ ሓደሽቲ ዝመጹ ይኹኑ ዋላ ንነዊሕ ዝተቐመጡ ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ናይ ካሎት ሃገር ዜጋታትን ብማዕረ ይምልከቶም። እዚ መደብ ብግዴታ ኣይኮነን።
**ካብዚ መደብ ዝረከብ ኣገልግሎታት/ ረብሓታት :**

- ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ብዝታሓተ ዋጋ
- ትምህርቲ ምሕደራዊ/ ሲቪካዊ
- ንሓደ ማዓልቲ ዝጸንሕ ናይ ሓበሬታ ማዓልቲ .

ኣብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ሰለስተ ኣገልጉሎታት ሙሉእ ብሙሉእ ምስ እንሳተፍ ሓደ መረጋገጺ ሰርቲፊኬት ይዋሃበካ። እዚ ሰርቲፊኬት፣ ንናይ ነዊሕ ግዜ ዝኸውን መንበሪ ፍቓድ ኣብ እትሓተሉ ግዜ ከም መረጋገጺ ወይ ድጋፍ ኮይኑ ይጠቕመካ። .

**ኣገደስቲ ገጻት ናይ ኢንተርነት :**

www.asti.lu
www.olai.public.lu
www.guichet.lu
www.vdl.lu
http://www.justlanded.com
https://www.justarrived.lu/
www.maee.gouvernement.lu

**ካልኦት ኣገደስቲ ኣድራሻታት :**

Association de Soutien aux Travailleirs immigrés ማሕበር ምትሕግጋዝ ንስደተኛታት ሰራሕተኛታት (ኣስቲ)

10-12, rue Auguste Laval
L-1922 Luxembourg
ቴሌ. (+352) 43 83 33 1
ኢሜይል : ensemble@asti.lu

Office luxembourgeois de l’Accueil et de l’Intégration (OLAI) (ኦላይ)

5, rue Carlo Hemmer
L- 1734 Luxembourg/Kirchberg

Association des Erythréens du Luxembourg asbl ማሕበር ኤርትራውያን ኣብ ሉግዘምቡርግ

2, rue Angeldal
L-34312 Dudelange
ኢሜይል : solomonmokonen2014@gmail.com

Service de la formation des adultes (SFA MENJE)

15, rue Léon Hengen
L-1745 LUXEMBOURG
ቴሌ. (+352) 8002 44 88
ኢሜይል : sfa@men.lu

